# በዓል ኪዳነ ምሕረት 2006

ናይ ሎምዘመን በዓል ኪዳነ ምሕረት ሓሙስ 23 የካቲት ኪውዕል እንከሎ፡ ብምኽንያት ሥራሕን ራሕቕን ኪካፈል ንዘይክእል ምእንቲ ኪጥዕም ተባሂሉ፡ ብቐምስናና ደረጃ ዕለት 26 የካቲት ሰንበት መዓልቲ ብኽብርን ድምቀትን ተዘኪሩ ውዒሉ። መሥዋዕቲ ቅዳሴ ካብ ሰዓት 12፡30 ክሳዕ 15፡00 ድ.ቀ. ኣቢሉ ብኣባ ከሠተን ኣባ ቪቶርዮን ተመሪሑ ተቀደሰ፡ ኣባ ኤርያስ ብወገኖም ድማ ንዝሓተተ ኬናዝዙ ተዓጢቖም ወዓሉ። ድያቆናት ለባስያንን ሕዝብን ተመሲጦም ብጥዑምን ድሙቕን ዜማ ብመንፈሳውነትን ኣቐደሱ። ካብ ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስትያናት መድኃኔ ዓለምን ቅዱስ ሚካኤልን ካህናትን ምእመናንን ብእዋኑ መጺኦም ኣብዚ-ኖም ተኻፈሉ። ከምኡ ድማ መዛምራን ደብረ መድኃኔ ዓለም ምስ መዘምራን ቤተክርስትያና ተወሓሒዶምን ብውልቆምን ብመሣጢ ቃናኦምን መዝሙሮምን ነቲ ናይ ጸሎት መንፈስ መሊሶም ኰልዑዎ።

ኣብ ስብከት፡ ካህን ነቲ ዝተነበ ጥቕስታት ቅዱስ መጽሓፍ (ገላ 4፡ 1 - 18፣ 2ዮሓ 1፡ 4 -15፣ ግሓ 1፡ 13-15፣ ሉቃ 1፡ 39-57) መሠረት ገይሮም፡ እግዚኣብሔር ኣብ ንወላዲት ወዱ እትኸውን ሰበይቲ፡ ካብ ጥንቲ ከምዝመረጸን፡ ነቲ ዕላማ ፍጥረቱ ዜበላሸወሉ ሸይጣን፡ ብዘርኣ ገይሩ ናይ መጨረሽታ ዓወት ኪረክብ ስለዝመደበን ኣብ ውሱን ጊዜ ስለዝፈጸሞን፡ እግዚኣብሔር ከምዝመረጻን ከምዘኽበራን ዘኪሮም፣ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ንእግዚኣብሔር ብመሰል ባህሪኡ "ኣቦ" ኢሉ ኪጽዎያ እንከሎ፡ ንእግዝእትነ ማርያም ድማ ብሰብኣዊ ባህሪኡ "ኣደ" ኢሉ ኪጽዋዓ እንከሎ፡ ካብ ኵለን ፍጡራት ዝዓበየ ክብሪ ከምዘልበሳ የረዳኣና ኢሎም መሃሩ። ከምኡ መንፈስ ቅዱስ ነዛ ድንኳን ወልደ ኣምላኽ ክትከውን ዝተጸወዐት ጓል እስራኤል፡ ባዕሉ ከምዝሸለማን፡ ካብ መጀመርታ ከምዘጽለላን፡ ንእግዚኣብሔር ከምእትበቕዕ ገይሩዋ ኢዩ እሞ፡ ንሕና እውን ነዛ "ካብ ኵለን ኣንስቲ ዝተባረኸት"፡ ብጽዕቲ ንበላ እናበሉ፡ ናብኣ ክንጥምት መኸሩና።



ድሕሪ ቅዳሴ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን ዑደት ተገብረ። ሕዝቢ ዝጸቓቐት ስለዝነበረ፡ ኵሉ ሰብ ኣብ በቦታኡ ኰይኑ፡ ብጸሎትን፡ ብዕልልታን፡ ብመዝሙርን፡ በጣቕዒትን ንታቦት ኬሰንዩ እንከለዉ፡ ደቂ ማኅበር እኖና ኪዳነ ማርያም ቶሮንቶ ናይ ማሥበረን ሰማያዊ ቀሚሽን ጻዕዳ ነጸላኤንን፡ ማዕተብ ዘው ኣቢለን፡ ናይ ማኅበረን ኣርማ ኣምሪሐን ለባስያንን ካህናትን ድያቆናትን፡ ካህናት ቤተክርስትያን ኦርቶዶክስ ንምሉእ ሕዝቢ ወኪሎም ያዱ። መዘምራንን፡ ሕዝብን ብምሉኡ ድማ እናተማህለለ፡ እናለመነ፡ እናወደሰ፡ ዕቤት ኣደ ማርያም ይገልጽ ነበረ። ብሓቂ እዋን ጸጋን በረኸትን ኮይኑ ከምዝተረኽበ ባዕላትና ተኻፊልቱ ክንምስክሮ ንኽእል።

ድሕሪ ቅዳሴ ብደቂ ማኅበር ኪዳነ ማርያም ዝተወፈየ መኽፈልቲ ንኪጥዕሙ፡ ኵሉ ሕዝቢ ናብ ኣዳራሽ ቍምስና ወሪዱ ጸበል ጠዓመ። ነቲ ጥዑም ሽሻይን ጥዑም ስዋን ድማ፡ እቲ ናይ ኣኅዋት ምትእኽኻብን፡ መዘምራን ያሬዳውያን ዜስምዕዎ ዝነበሩ ማኅሌታትን ወረባትን ሽብሸባን ምስተወሰኾ፡ እቲ መኣዲ "መኣዲ ሓዋርያት" ከምዚመስል ገበሩዎ። "ናሁ ሠናይ ወናሁ አዳም ሶበ ሃለዉ ኣኃው ኅቡረ!" ማለት "ክንደይከ ይጥዕም ክንደይከ ደስ የብል፡ ኣኅዋት ብሓደ ኪራኸቡ እንከለዉ"፡ ዜብል ኢዩ ነይሩ። ክንድዚ ሕዝቢ፡ ዓበይቲ ምስ ናእሽቶም፡ ንሠለስተ ሰዓት ብሕውነት፡ ብህድኣትን ስነ ሥርዓትን ኪጻወቱን ኪስሕቅን ክንርኢ እንከሎና፡ ማኅበር ቅዱሳን ሰማይ ኣዘኻኺሩና።

ነቲ ሓጕስ፡ ትምህርትን መንፈሳዊ ቅንኣትን ቀሲምና ምእንቲ ክንከይድ ድማ፡ ወናማት ተዋሳእቲ ሰለሞን ኪዳነን፡ ደረጽዮንን ኢያሱ መሓርን ንሓዝቢ እናስሓቑ ሓቀይና ትርጉም መንፈሳውነት ናብ እግዝእትነ ማርያም እንታይ ምዃኑ ገለጹ። ወ/ሮ በለጸት መሓሪ ሰማይን ምድርን ዜራኽብ ጥዑም ግጥሚ ናብ እኖና እግዝእትነ ማርያም ኣፍሰሰት፡ ሕጻናት ትምህርተ ቀዳም ቤተክርስትያና ድማ እኅት ኣስቴር ተስፋጊዮርጊስ መሓረና ኪምህራኦም ዝቀነያ መዛሙር ናብ እግዝእትነ ማርያም ኣስሚዕም ዓመታዊ በዓል ኪዳነ ምሕረት ዛዘሙዎ።



ከም ልሙድ ድማ ቅድሚ ኣጋይሽን ምፍናወን ደቂ ማኅበር እቲ ካብ ነዊሕ ዝተኣወጀ ሽተኽ በተኽ ኣውደቃኦ። ዕውታት ድማ ብልጫኦም ተሰኪሞም ናብ ገዛውቶም ተመልሱ።



ካብ ቀረባን ርሑቕን ንዝመጹና ካህናትን፡ መማህራንን፡ ፡ ካብ ጐደቦ ከተማታት ኪችነርን ዋተርሉን ላንደንን ኦታዋን ዝመጹ ዓበይትን ናእሽቱን ነገድቲ፡ ኣደ ማርያም ዝለመንክምዎ ትስማዕኩም እናበልና ንምርቓም፣ ንዝተዓጠቓላ ኣባላት ማኅበር ኪዳነ ምሕረት፡ ባዕላ ተጽልልክን፡ ማኅበርክን ተጽናዓልክን ኢልና ልባዊ ምስጋና ነቕርበለን፣ ንማኅበር መዘምራን ኣብያተክርስትያናት ቶሮንቶ ብሓፈሻ፡ ምስቶም እልፊ ኣእላፋት ከየቋረጹ ንኣምላኽ ዚዝምሩ ይቀኍጸርኩም መድኃኔ ዓለም፡ እደ ማርያም ድማ "ልብኹም ብሓጕስ ትምላኣልኩም" ንልምነልኩም፡ ንምእመናን ኵሎም ብመንፈሳውነትን ህድኣትን ካብ መጀመርታ ክሳዕ መፈጸምታ ዝተኻፈልክምዎ እዋን ባርኾት ኣደ ማርያም ኪዳነ ምሕረት ጥርዓንኩም ናብ ወዳ ተብጻሓልኩም፣ ንመንእሰያት ደቅና ድማ፡ ሽሕኳ ብሕጽረት ቋንቋ ብዙኅ ኪርድእዎ እንተዘይከኣሉ፡ ብመጠኑ ግን መንፈሱ ሒዞም ክሳዕ መጨረሽታ ዝተዓገሱን፡ ዝተሓባበሩን ኣምላኽ ዕድመን በረኸትን ይሃብኩም እናበልና ትንተናና ኣብዚ ንዓጹ።